# ግዜ ንኹሉ ነናቱ ትህቦ!

ወይ ግዜ ጥዑም በዓል ትዕግስቲ፡
ታህዋኽ ዘይፈቱ ዝኅዓዝ ብህዱእ ስጉምቲ።

ግዜ ብሓቂ ለባም መስተውዓሊ፡
ፈታውን ጸላእን መሚኻ ተለሊ።

ግዜ ንእዋን ትጽበ ክኣክል መዓልቱ፡
ንኹሉ ክትገልጾ በብ ሰዓቱ።

እግዝሄር ዝጸልኣሉ ዝብድል ንዓኻ፡
ትም እንተበልካ ዝመስሎ ዝዓሾኻ።

ኣብ መሬት ይኹን ባሕሪ ቀላያት፡
ኣብ ሃዋህው ይኹን ላዕላይ ሰማያት።

ሰፈርካ ኣብ ኩሉ ምስ ኩሉ፡
ልቡ ዘንጽሄ ዘዕልል ምሳኻ ኮፍ ኢሉ።

ኣንታ ግዜ ብዓል ዓቢ ኣእሙሮ፡
ምሳኻ ዝኅዓዝ ፍልጠት ትምህሮ።

ንጸላኢኻ መገዲ ሰላም ተፍቕድ፡
እንተዘይሰምዔ ግን ብሕግኻ ትቕይድ።

ሓቆም እንድዮም ግዜ ፈታንዩ ክብሉኻ፡
ዕድል ትህብ ቅድሚ ትኣስሮም ብማሕለኻ።

ከም ንፋስ ሽውሽው ትብል ኣብ በረኻ፡
ኣብ ቀላይ ትሕንብስ ኣእዳውካ ዘርጊሕካ።

ኣብ ጎልጎል ትሓድር እምኒ ተተርኢስካ፡
ካብ እምባ ናብ እምባ ትሰግር ነዊሕ ማሓውርካ።

ኣንጭዋ ትገብሮ ከልቢ ዝነበረ፡
ድሕሪ ገመል ዉሕዉሕ ምባል ምስ ተሳዕረ።

*<u>ነንጭዋ’ውን</u> ትቕይሮ ናብ <u>ጽንጽያ፡</u>*
*ኣብ ጎሓፍ ዝውዕል ዘይብሉ ሞያ።*

*ክንደይ ኣኽላባት እንዲና ርኢና፡*
*ውሕውሕ ዝብሉ ኮይኖም ምስ ጸላእትና።*

*ዘመነ ግሪምቢጥ ማይ ንዓቕብ ተባሂሉ፡*
*ወኻሩ ዝነበሩ ኣምበሳ ክመስሉ።*

*ናጽነት መሲሉዎም ምዕንዳር ኣብ ዓዲ ዓና፡*
*ኣምላኽ ይመስገን ካብዚኦም ዘይኮና።*

*ግዜ ብሓቂ ትምህርቲ ትህብ በብእዋኑ፡*
*ንገለ ተቕንዖም ርእሶም ዘድነኑ።*

*ንገለ ተድንኖም ብኣኻ ምስ ዘይኣምኑ፡*
*ዓዱ ዝኸሓደ ፎኩስ’ዩ ሚዛኑ።*

*ግዜ ግዜ መምህር እንዲኻ ናይ ኩሉ፡*
*ቅኑዕ ማኣዝን ኣትሕዘና ከይንኸውን ከምዞም ዝሓተሉ።*

*ሰውኣትና ንዘልኣለም ይዘከሩ፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገብረንጉስ መስመር።*